# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.12 | ሓሙስ 14 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
“ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣስታት 18 . . .




ገጽ 3
ውህድ ስልጠናን ንናይ ሓባር ዓወት!




ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?





ገጽ 5



ድሕሪ እተን ቀለቤት . . .



ገጽ 7
ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ቀጺሉ




## ከረን - ሰፊሕ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ስራሓት ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ፡ ሰራሕተኛታት ትካላት መንግስትን ማሕበራት ገድልን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ሰፊሕ ወፈራታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ይሰላሰል ኣሎ።

እቲ ብቐንዱ ኣብ ምፍዋስ ማይ-ክዖታት፡ ምክልኻል ፍግረ-መሬትን ምግራብን ዘተኮረ ስራሕ፡ ኣብ ዝተጸንዐን ዝተኸለለን ቦታታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀንዲ ጉደናታት ከተማ ከረን እዩ ዝካየድ ዘሎ።

ኣብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ከረን ክኢላ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ልምዓት ማሰኖን - መሃንደስ ኢሳይያስ ርእሶም፡ ወፋሮ - ኣብ ምስራሕን ምጽጋንን ዛላታትን ክትሪታትን ከምኡ'ውን ኣብ ምዅዓት ጉዳጉድን ምትካል ፈልሲታትን ወጽኢታዊ ስራሕ ይዓምም ከምዘሎ ብምሕባር፡ ዛጊት ልዕሊ 15 ሽሕ ፈልሲታት ከምእተተኽሉ፡ ልዕሊ 123 ሽሕ ዛላታት ከምእተሰርሐን ከምእተጸገነን ገሊጹ።

መሃንደስ ኢሳይያስ፡ ዝተተኽሉ ፈልሲታት ብጥዕና ክዕብዩን ክቡራት ኣግራብ ከይቁረጹን ሕብረተሰብ ምስ ምምሕዳራት ብምትሕብባር ግቡእ ሓለዋን ክንክንን ክገብር ተላበዩ።

ግዚያዊ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ዞባ ከረን ኣቶ የዚድ ዓብደል፡ እቲ ካብ ወርሒ ሓምለ ዝጀመረ ወፈራዊ ስራሕ፡ ብክኢላታት ሕርሻ እናተመርሐ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ብልዑል ተሳትፎ ይትግበር ከምዘሎ ሓቢሩ።



## ማይ ውዑይ ‘ኣክዋር’ ቍጽሪ በጻሕቱ ወሲኹ

ዓመት መጸኣ ልዕሊ 20 ሽሕ ህዝቢ ዘኣንግድ ባህርያዊ ፈልፋሊ ማይ ውዑይ - ኣክዋር፡ ኣብ ዘቤታዊ ቱሪዝም ደራኽ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ተገልገልትን ኣባላት ኮሚቲ ልምዓት ናይ'ቲ ከባቢን፡ እቲ ቦታ ጽሬቱ ኩሉ ኣገልግሎቱ ብምምሕያሹ፡ ቁጽሪ በጻሕቲ ከምዝወሰኸ ሓቢሮም።

ኩብንያ መጓዓዝያ ሓራት፡ መዓልታዊ ካብ ሓንቲ ክሳብ ክልተ ኣውቶብሳት ብምምዳብ ዘውሃቦ - ኣገልግሎት እውን፡ የዚጋጥም ንዝነበረ ሕጽረታት ከምዝፈትሖ ገሊጾም።

ካብ ኮሚቲ ልምዓት ኣቶ መሓመድ ያሲን፡ እቲ ቦታ ካብ ሓምለ ክሳብ መስከረም መዓልታዊ ካብ 150 ክሳብ 200 ተገልገልቲ ከምዘኣንግድ ብምጥቃስ፡ ንዚያዳ ወጽኢት ጽሬት ከቢ ክሕሎ ተላበዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት ሓውሲ ከተማ ጋሕቴላይ ኣቶ ዑመር ዓሊ፡ ምስ ወሃንቲ ትካላት ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ትሕተቅርጺ፡ ጽሬት ኣከባቢ፡ ንምውሓስ - ምስ ኣሃዱ ጥዕና ዝተጀመረ መደብ ተግባራዊ ኮይኑ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዘቤታዊ ቱሪዝም ኣብ ምድንፋዕ ኣበርክቶ ዘለዎም፡ ማይ-ውዑይ፡ ኣክዋር፡ ኣልዓሱ፡ ሰቦር-ጕማን ፈሻሽን ዝኣመሰሉ ፈልፈልቲ ባህርያዊ ማዕድናዊ ማያት ከምዘለዉ ይፍለጥ።

## ኣብ ክትሞ-ኣውሊዕ፡ ን372 ስድራ-ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ተገይሩ

ኣብ ክትሞ-ኣውሊዕ - ንኡስ ዞባ ጋሽ-ፍሓ፡ ብኢጋጣሚ በዓል ቅዱስ ዮውሃንስ ሰብጺጋ ዘበርከትዎ ልዕሊ 120 ሽሕ ናቕፋ፡ ን372 ስድራ-ስውኣት ተመቓሪሑ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከልን ዕድመ ዝተገበረሎም ኣካላትን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ክትሞ-ኣውሊዕ ኣቶ ሙሴኤል ሃይሉ፡ ንነፍሲ-ወከፍ ስድራ 1,680 ናቕፋ ከምእተዓደለ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋሽ-ፍሓ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ ድማ፡ ኑቲ ተበግሶ ንዘወሰዱ ኣብ ዓድን ከተማ ኣስመራን ዝነበሩ ሰብጺጋ ኣመስጊኖም።

ሓላፊት ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል ወ/ሮ ጀምዓ ኢብራሂም፡ ህዝቢ በብኩነታቱ ንስድራ-ስውኣት ዝገብሮ ደገፍ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሊ ስውኣትናን ስድራኦምን ዘሎና ኣኽብሮት ስለዝኾነ - ክድፋኣሉ ኣዘኻኺራ።



## ነበርቲ ሓሙሽተ ምም/ከባቢ ናቕፋ ጽርግያታት ይጽግኑ ኣለዉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ነበርቲ 5 ምምሕዳራት ከባቢ - ማለት በየን፡ ሞጵ፡ ኣበሎ፡ ኣግራዕን ከተማ ናቕፋን፡ ብዘኸብ ተባላሽዩ ንመጓዓዝያ ከጸግም ዝጀመረ፡ ናብ ዓድታቶም ዘእቱ ከምኡ'ውን ምስ ንኡሳን ዞባታት ኣፍዓበትን ኣዶብሓን ዘራኽብ ናይ ሓመድ ጽርግያታት፡ ብወፈራ ይጽግኑ ኣለዉ።

ኣወሃሃዲቲ ናይ'ቲ ስራሕ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ኣብ ምስራሕ ክትሪታትን ዛላታትን ከምኡ'ውን ኣብ ምጽጋን ጽርግያታት ዘተኮረ ንጥፈታት በብእዋኑ ክሰላሰል ምጽንሑ ብምሕባር፡ እቲ ሕጂ ብሎማዊ ውዳበታት ዝዕመም ዘሎ ዕዮ፡ ብውሕጅ ንዝተሸርሸረ ምጽጋን፡ ምምድማድን ደጋፊ መንደቕ ምህናጽን ዘጠቓለለ ምዃኑ ገሊጾም።

በዚ ካብ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ብጾቡቕ ዝቐጸለ ዘሎ ወፈራታት፡ ዛጊት ልዕሊ 110 ኪሎ-ሜተር ጽርግያታት ከምእተጸገነ ብተወሳኺ ሓቢሮም።

## ኣብ ተሰነይ፡ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ቈይሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ፡ ወለንታዊ ልገሲ ደም ንምስሳን ብዕቱብ ክሰራሓሉ ምእንቲ፡ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ቈይሙ።

በዚ መሰረት፡ ዕላማ'ቲ ማሕበርን ኣገዳስነት ምዕባይ ቁጽሪ ወለንታውያን ለገስትን ዘብርህ ኣስተምህሮ፡ ንሰራሕተኛታት ትካላት መንግስትን ሃገራውያን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ተዋሂቡ።

ሜዲካል ዳይረክተር ሆስፒታል ተሰነይ ዶ/ር ግደ ጉብረወልደ፡ ማሕበር ወለንታውያን ለገስቲ ደም ብዘይምንባሩ ኪጋጥሞም ዝጸንሐ ብድሆታት ዘርዚሩ።

ምልጋስ ደም ኣብ ሕብረተሰብ ከም ባህሊ ክሰርጽ ከምዝኾነ ድማ፡ በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ፡ ቀረብ ውሑስ ደም ንምርግጋጽን ንዕቤት እቲ ቈይሙ ዘሎ ማሕበርን ከምዝተጠቕሱ ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ 22 ግዜ ዝለገሰ ኣባል ማሕበር ኣቶ ብርሃ ስዩም፡ ደም ምልጋስ ረብሓ እምበር ሳዕቤን ከምዘይብሉ ብምሕባር፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣብ ልገሲ ደም ንዝጸንሐ ግጉይ ኣመለኻኽታ ኣወጊዱ፡ ሂወት ወጹዓት ንምድሓን ብንቕሓት ክሳተፍ ኣተሓሳሲቡ።



# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

# “ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣስታት 18 ሽሕ ዜጋታት ይሳተፉ ኣለዉ” ኣቶ ፍራንኮ ኩባባ

*ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ 16 ንኡሳን ዞባታት ኣለዋ፡፡ ኣብ'ተን ንኡሳን ዞባታት ግብሪ ልምዓታዊ መደባት ዘተኣማምን ኩነታት እተፈላለየ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ድማ ተዋፊዩ ይርከብ፡፡ ንኹሉ ነዚ ንምምዕባል ኣብ ዝግበር ጻዕሪ፡ ንዝረኣዩ ጸገማት ብቐጻሊ ንምፍታሕን ዝካየድ ዘሎ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት እንታይ ይመስልን ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሑ ይርከብ፡ ዘጋጥሙ ዘለዉ ብድሆታትን ኣብ መጻኢ ክትግበሩ ዝተወጠኑ መደባትን ኣገዳስነቶም ዝገልጹ ምስ ሓላፊ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ፍራንኮ ኩባባ ዘካየድናዮ ቃለመሕተት ናብ ኣንበብቲ ነቕርብ።*

*- ሰናይ ንባብ-*



ኣቶ ፍራንኮ ኩባባ

**ሕራይ ኣቶ ፍራንኮ፡ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ጋሽ-ባርካ እንታይ ንጥፈታት የጠቓልል?**

ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ንኽፍልታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን፡ መጓዓዝያን መራኸቢታትን የጠቓልል። ንኣፈሻዊ ኩነታት ክፍሊ ትምህርቲ እንተ ተመልኪትና፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣስታት 612 ኣብያተ-ትምህርቲ ይርከባ። እዚ ብዝሒ ኣብያተ-ትምህርቲ ብዝርዝር ምስ እንርኢ፡ 126 ቅድመ-ትምህርቲ፡ 330 መባእታ፡ 130 ማእከላይን 26 ካልኣይ ደረጃን ዝሓቖፈ እዩ። ዓመታዊ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝስተፉ ብዝሒ ተመሃሮ እናበረኸ ይመጽእ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ኣስታት 77,030 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ኣስታት 173,611 ተመሃሮ፡ ተኻፈልቲ ናይዚ ተዋፊዩ ዘሎ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኩይኖም ኣለዉ። ከምኡ'ውን ኣብ ማእርሒ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝዋፈሩ ኣስታት 4,565 መምህራን ኣለዉ። ቁጽሪ መምህራን ምስ ስፍሓት መሬት ናይዚ ዞባ ክዛመድ እንከሎ እኹል ኣይኮነን፡ የግዳስ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ብዝምልከቶ ሰልጠንታት እናወሃበ ብቑዓት መምህራን የበርክትን ሓደስቲ መምህራን ናብ እተፈላለየ ከርናዕ ሃገርና ይምድብን ኣሎ። ስለዚ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ሕጽረት መምህራን መፍትሒ ክረክብ ተስፋ ኣሎና።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ስፍሓት መሬትን ብዝሒ ህዝብን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ቁጽሪ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ዝስተፉ ተመሃሮ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ዘሎ። ካልእ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ብእተፈላለየ ብቐዓትን ዓይነትን ዝተሃንጹ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ። እንተኾነ፡ ብርቱዕ ህቦብላ ኣብ ዝኽሰተሉ እዋን፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ገለ ኣብያተ-ትምህርቲ ጉድኣት የውርድ እዩ። ዋላኳ እቲ ዘጋጥም ፀገም ኣብ ትምህርቲ ዕንቅፋት ዝፈጥር እንተኾነ፡ ምስ ህዝቢ ብምትሕብባር ቀጻሊ ጽገናታት ይካየደሉ እዩ።

ማዕረ-ማዕረ'ቲ ስሩዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ፡ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት እውን ኣካል ናይቲ ዝስላሰል መደባት ትምህርቲ እዩ። ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ምኽንያት፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክስተፉ ዕድል ዘይረኸቡ ዜጋታት፡ ኣብ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ንኽስተፉ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብዚ እዋን ከኣ፡ ኣብ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ኣስታት 18,000 ዜጋታት ይሳተፉ ኣለዉ። ከምኡ'ውን ብሰሪ እተፈላለየ ማሕበራዊ ጸገማትን ካልእ ምኽንያታትን ትምህርቲ ዘቋረጹ ተመሃሮ፡ ኣብ መደብ 'ግርያት' ከም ዝስተፉ ይግበር ኣሎ። ኣብዚ ዞባ ሰለስተ ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ። ኣብ ከርከበት፡ ኣቑርደትን ጎግንን ድማ ይርከባ። ነዩም ካብ ርሑቕ ቦታታት ዝመጽኡ ተመሃሮ፡ ኣገዳስነት እተን ኣሕደርቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ብፍላይ እተን ኣብ ኣቑርደትን ጎግንን ዝርከባ ንዊሕ ዓመታት ዘገልገላ ስለዝኾና፡ ብኣሉ ማጠን ብዙሓት ዜጋታት ኣፍርየን እየን።

**ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ብፍላይ ኣብቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘዋስን ቦታታት ዝርጋሐ ኣገልግሎት ትምህርቲ ከመይ ኣሎ?**

ብወያነ ተገቢጡ ዝጸንሐ መሬትና ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርና ምስ ኣተወ፡ እቲ ኣብኡ ንወሰናት ዜጋታትና ጥራይ ዝወሃብ ዝነበረ ናይ ኢትዮጵያ ስርዓት-ትምህርቲ ብኡ ንብኡ'ዩ ኣኽቲሙ። ኣብዚ እዋን ኣብ ከም ባድመን ሸሸቢትን ዝኣመሰለ ቦታታት ተመሃሮ ብዝበዝሒ ተኻፈልቲ ናይዚ መምዕቲ ኤርትራ ዝዋደዶ ዕድላት ትምህርቲ ኩይኖም ኣለዉ።

ካልእ ነዩም ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ከባቢታት ዝነብሩ ዜጋታትና፡ ምዕሩይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንኽረኽቡ ብደረጃ ዞባን ምክትታል ዶባትን ዝካየድ ንጥፈታት ልዑል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብቲ ዝራሓቐ ቦታ ዝነብሉ ኣዋግዩት፡ ቤት-ትምህርቲ ተሃኒጹ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ መሰረት እቲ ሕብረተሰብ ንኸመሓይሽ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ። ንምጥቃስ - ደቂ-ኣንስትዮ ብምሕባር ተወዲበን ኣብ ኣድማዕቲ ንጥፈታት ተዋፊረን ይርከባ።

ብሓፈሻ፡ ኣዋግዩትን ሰልዓን ካብዚ ማእከላይ ቦታ ኣስታት 400 ኪሎ ሜትር ርሒቑ ዝርከባ፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ድማ ደጀናት ዝነበረ እየን። እተን ቦታታት ቀዓምን ተዋሪቦም ክምዕበላ ዝግባእ'ዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን፡ እተን ርሑቕ ከባቢታት ልዑል ኣተኩሮ ስለዝተዋህበን፡ ኣብ ኻፍሲ-ወከፉ ሰለስተ ወይ ሽዱሽተ ወርሒ ምስቲ ህዝቢ ርክብ ይካየድ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ብእተፈላለዩ ዓወዲታት ትምህርቲ ዝተማህሩን ምስቲ ኣብኡ ዝርከብ ሕብረተሰብ ብዝበዝሒ ሓደ ዝኾኑን ዜጋታት ናብቲ ቦታ እናመደብካ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ደሓን ዝኾነ ለውጢ የመዝግብ ኣሎ።

**ኣብ ዞባኹም ዝርጋሐ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ምንታይ ደረጃ ይርከብ?**

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ዝነበረ ዝርጋሐ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ኣብ ከተማታት ጥራይ እተሓጽረ እዩ ነይሩ። ብኡኡ ምኽንያት ድማ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ኣዝዩ ትሑትን ዝዩዳ ኣብ ባህላዊ ፍወሳ ዝተመርኮሰን እዩ ነይሩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ማጠን ሞት ብዝበዝሒ የጋጥም ነይሩ። ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ድሕሪ-ማስመር ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ሓያል ጎስጓስን ጥዕናዊ ኣስተምህሮታትን፡ ኣብ ኣተሓሳስባ ሕብረተ-ሰብ ለውጢ ኣምጺኡ እዩ። ብድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣገልግሎት ጥዕና ብሸነኡ መዳይ ዕቤት ኣመዝጊቡ። ኣብዚ እዋን፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ሰለስተ ግብይቲ ሆስፒታላት ኣለዋና። ሓንቲ ኣብ ባረንቱ፡ እተን ዝተረፋ ድማ ኣብ ኣቑርደትን ተሰነይን ይርከባ። እዘን ኣገልግሎት ዘይጀመራ ማእከላት ጥዕና እውን ኣብ ንኡሳን ዞባታት ጎልጅን ሃይኮታን ኣለዋና። ብሓፈሻ ግን ኣብ ዞባና ሰለስተ ሆስፒታላት፡ 13 ማእከል ጥዕናን 62 ክሊኒካትን ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከባ።

ህዝቢ ብቑዕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት መታን ክረክብ እተፈላለዩ ሕክምናዊ



ትምህርቲ ዝቐሰሙ ኣስታት 500 ዓቃሚ-ሰብ ኣብዚ ዞባ ተዋፊሮም ይርከቡ። ኣብ መዳይ ጥዕና፡ ኣብቲ ርሑቕ ከባቢታት ብፍላይ፡ ምስ ኣቀማምጣ'ቲ ቦታታትን ካልእ ጸገማትን ብዙሕ ብድሆታት የጋጥም እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዉ ማለኣም ዘይተወገዱ ድሑር ልምዲታት፡ ሽለልተኛነትን ሕጽረት መጓዓዝያን ካብ'ቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ማሕንቖታት እዮም። ኣብዚ ከይጠቐሽኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ግን ሳላ ብእተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ዝካየድ ዘሎ - ንኣገዳስነት ኣገልግሎት ጥዕናን ሕክምናዊ ክንክንን ዝምልከት ሓያል ጎስጓስ ኣስታት 95 ሚእታዊት ካብ ህዝብና ግቡእ ኣስተምህሮ ክረክብ ክኢሉ ኣሎ።

**ሃብትን ዝርግሐን ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብዚ ዞባ ከመይ ይግምገም?**

ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ዓላ ከዒቱ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክዝርግሕ እንከሎ፡ ምሕደርኡ ግን ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣብ ዞባና ዋላኳ ዝርግሐ ጽሩይ ዝስተ ማይ እንተዛለወ፡ ኣብ ምሕደራ ግን ርኡይ ጸገም ኣሎና። ጥብ ዝበለት ማይ ተዋህሊላ ኣብ መዓልአ እንተወዒላ፡ ዋላ'ውን ውሑድ ይኹን እኹል እዩ። እቲ ቀንድን ኣገዳስን ነቲ ዝተዋደደ ኣገልግሎት ብዕቱብ ከተመሓድሮ ምኽኣል እዩ። ስለዚ፡ ህዝብና ኣብ ኣጠቓቕማ ማይ ልዑል ጥንቃቐን ምክትታልን ክገብር ይግባእ። ከምኡ'ውን፡ እቶም ኣብ ጥቓ ሩባ ጋሽ ዝነብሩ ህዝቢ፡ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ክንዲ ካብ መዐደሊ ኾቑጣታት ዝምጽኡ፡ ካብቲ ኣብ ቀረባኦም ዝርከብ ሩባ ማይ ክቕርቱ እዮም ዝርኣዩ። ስለዚ፡ ህዝቢ ተጠቃሚ ናይቲ ኣብ ከባቢኡ ዝተዋደደ ኣገልግሎት ንኽኸውን፡ ሓያል ጎስጓስ ከም ዘድሊ ንጹር እዩ።

**ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብዚ ዞባ እንታይ ንጥፈታት የሰላስል?**

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ብዙሕ ንጥፈታት'ዩ ዝዋሳእ። ካብቲ ብልዑል ኣተኩሮ ዝሰርሓሉ ዕማማት ሓደ፡ ንስድራ ስውኣት 'ደበስ' ምኽፋል፡ ንስንኩላን ምትብባዕ፡ ተናበይቲ ጎደና ንዝኾኑ ቆልዑ ምጥርናፍ፡ ንዘተጸገሙ ስድራቤታት ብእተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ምጥያስ፡ ንዘኽታማት



ምንባይን ንጽገማት ተመሃሮ ንዋታዊ ሓገዝ ምብርካትን እዩ። ከምኡ'ውን ካብ ብዙሓት ናራን ኩናማን ንዝኾኑ ዜጋታትና ፍሉይ ቆላሕታ ብምግባር፡ እተፈላለየ ናይ ማሽሪ ስልጠናታት ይውደብሎም።

ከም ኣካል እቲ ዝካየድ መደባት፡ ኣብዚ ዞባ ዝርከቡ ስንኩላን ብማሕበር ተጠርኒፎም ዝተፈላለየ ንጉዳዊ ትካላት ይኸፍቱ እዮም። እንተኾነ፡ ብሰንኪ እተፈላለዩ ጸገማት፡ ገለ ካብ'ተን ዝተማስረታ ማሕበራት ጸቢቕ ክሰጉማ ኣይኸኣላን። ብኣንጻሩ'ዚ ድማ፡ ካልኦት ናይ ልቓሕ ዕዳኦም ከፊሎም ኣብዚ እዋን ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ በጺሖም ይርከቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምፍራይ ኣናህብ፡ ኣብ ካልእ ሕርሻዊን ንግዳዊን ንጥፈታትን ዝዋፈሩ እውን ኣለዉ። ምስቲ ኩሉ ዘጋጥም ብድሆታት፡ እቲ ሚኒስትሪ ብቐጻሊ ምትብባዕን ደገፍን ይገብረሎም ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ባረንቱን ተሰነይን ከቢድ ስንክልና ዘጋጠሞም ዜጋታት፡ ኣብ ኻፍሲ-ወከፈን ሰለስተ መንበሪ ኣብይቲ ተሰሪሐሎም ኣሎ። ኣብ መጻኢ ድማ ብዙሓት መልክዑ ንኽቕጽል መደብ ኣሎ።

**ዝርግሐ መጓዓዝያን መራኸቢታትን ኣብ ምንታይ ደረጃ ይርከብ?**

ጋሽ-ባርካ ብዘውንኖ ሰፊሕ መሬትን ብዝሒ ህዝብን ልዑል ጻዕቂ ምንቅስቓስ ዝረኣየሉ ዞባ እዩ። ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ሕጽረት የለን። ማለት፡ ማስመር መጓዓዝያ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ተባጺሑ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ክልተ ማስመራት ማለት፡ ማስመር ኣንቶረ - ኦምሓጀርን ኣዋግዩትን ኣጸጋሚ ኩይኑ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ እተን ብውልቀሰባት ዝውነና ተሽከርከርቲ፡ ልዑል ማጠን ታሪፍ ዝሓታ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝሰርሓን ብምዃነን ኣብዚ ሽግር ኣሎና።

ዝርግሐ ኣገልግሎት ተሌፎን 'ኤራተል' ግን ኣብ ደሓን ኩነታት ይርከብ ኣሎ። እንተኾነ፡ ኣብ ኣዋግዩት ምሉእ-ብምሉእ ኣብ ሰልዓ ድማ ገለ ክፋል ማስመር ቴሌፎን ኣይተዘርግሐን ዘሎ። ኣብዚ ከባቢታት ኣገልግሎት ቴሌፎን ንምብጻሕ ድማ ኣብ ምሽብሻብ ንርከብ ኣሎና። ብሓፈሻ ግን ልዕሊ ኣስታት 85% ካብ ህዝብና ኣገልግሎት ቴሌፎን ተዘርጊሑሉ ይርከብ። ኣገልግሎት ኤለክትሪክ እውን ኣብዚ ዞባ ኣብ ደሓን ኩነታት ይርከብ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ሓቂ'ዩ ኣብ ገለ ንኡሳን ዞባታት እዚ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ኣይተዋደደን ዘሎ። እርጋን መሳርሒታት ኤለክትሪክ፡ ገለ ካብ'ቶም ብቐዳምነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ብድሆታት እዮም።

**የቐንየልና!**


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ውሁድ ስልጠና ንናይ ሓባር ዓወት!

ዕድላትን ብደሆታትን ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ደቂሰብ መቑድትቲ እየም፡፡ ዝተተለመ ወጥን ኣብ መፈጸምታ ንኽበጽሕ - ኣብ ማዕርሕ ዘጋጥሙ ብደሆታት ምፍታሕ ከኣ ሓያል ጻዕሪ የድሊ፡፡ ኣብ ምንባር ዕድላትዶ ብደሆታት



ኣቶ ሓየሎም ነጋሲ

ይዘይዱ እንተድኣ ኢልና፡ ከም ርእይቶ ናይ ዝጠዘሉ ሰባት - ብደሆታት ዝበልጹ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ፡ ከም ሓሳብ ክንደይ ካብ ሚእቲ እዩም ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥሞም ብደሆታት ሰጊሮም ዝዕወቱ? ንዘርኸብዎ ዕድላት



መሃንድስ ናሆም ሚልዮን



መሃንድስ ናስር ሙሳ



ወይዘሮ ለተኺዳን የማነ

ብዘዮም ኣብ ረብሓኦም ዘውዕሉኸ ክንደይ ይኾኑ? ዝበሉ ክምለሱ ዘለዎም ሕቶታት ክለዓሉ ይኽእሉ፡፡ ግን ዝኸፈተልካ - ምስ ኳሕኳሕካ እዩ፡፡ ዕድላት ከኣ ባዕልኻ ኢኻ እትፈጥሮ፡፡ ዚ ክትገብር ፋሕተርተር ምባል የድልየካ፡፡ ኩሉ ግዜ ዓወት፡ ጸግዬምዬም ከየብልካ ዝርከብ ነገር ኣይኮነን፡፡ በዚ መሰረት፡ እቲ ዝፍጠረልካ ዕድል ብመጃጸር ጻዕርኻ ምኻኑ፡ ከቶ ክስሓት ኣይግብኦን፡፡ በዚ ኩይቱ በቲ ግዳ - ንድፌ/ወጥን ስራሕ ተፈጸምት ክህልዎ፣

ኣብ እምነት ዝተመርኮሰ ቃልሲ የድሊ፡፡

ንሎሚ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ሓቂ - ኣጉዳስኩ ኣብ ተሽከርከርትን ኣገልግሎትን ክገርእዮ ክንፍትን ኢና፡፡ ተሽከርከርቲ ኣብ ማሕበረቁጠባ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ህንጻትን ምዕባለን ሃገር ደማ ብኣውራኡ ተራኦን ዕዙዝ እዩ፡፡ ነዊሕ ዝጠመተ ውሑስ ኣገልግሎት ክህባ ደማ፡ ውሕሉል ኣተኣላልያን ምሕደራን የድልየን፡፡ ጥዕናአን ብዝሕሉ መንገዲ ብዘኽበን ዝተሓዘ ተሽከርከርቲ ዝህባኦ ኣገልግሎት፡ ብኣኡ መጠን ኣዕጋቢን ዘተኣማምንን ክኸውን ግድነት እዩ፡፡ ብኣንጻሪ ዝተሓዘ ተሽከርከርቲ ድማ፡ ኣገልግሎተን ዘይውሑስ ዕምረን እውን ሓጺር ክኸውን ምኻኑ ተወሳኺ መብርሂ ኣየድልዮን፡፡

ኩባንያ መጉዓዝያ 'ለሎ'፡ ምስ ዓንበርበብ ሺር ኣምፓኒን ኩባንያ ሊብያ ኦይል ኤርትራን ብምትሕብባር ዝወሰዶ ተበግሶ ክንርኢ፦

እቲ ናይ መጉዓዝያ ኩባንያ - ብውሑስ ኣገባብ ምሕደራ መኪና፡ መሰረታዊ ጽገና መኪና፡ ብኣጠቓቕማ ኑዩዲን ቅብኣን - 59 ኣባላት ኣሰልጢኑ - ብ7 መስከረም 2023 መርሓባ ኣብ ዝርከብ ኣዳራሹ ኣመረቖ፡፡

ኣብቲ ስነስርዓት ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኩባንያ መጉዓዝያ ለሎ ኣቶ ሓየሎም ነጋሲ፡ ንተመረቕን ኣሰልጠንትን 'የቐና! እንቋዕ ኣሐገሰኩም፡ መደብኩም ብዓወት እንቋዕ ተዛዘመ! ኢሉ፡፡

እቲ ስልጠና፡ ብደገፍ ዓንበርበብ ሺር ኣምፓኒን ኩባንያ ሊብያ ኦይል ኤርትራን ከምእተዋህበን ብምምልካት ከኣ ከም'ዚ ዓይነት ደገፍ ናይ ክልቲኦም ትካላት ንኩባንያ መጉዓዝያ ለሎ - ናይ ፈለማ ከምዝዩኩ ቅድሚ ሕጂ'ውን ተመሳሳሊ ትምህርትን ስልጠናን ሂቦም ምንባሮም ኣዘኻኺሩ፡፡

ዝጠዘሉ ተሳተፍቲ እቲ ስልጠና፡ መራሕቲ ዝተፈላለዩ ትሽከርከርቲ (ሞተር ሳይክል፡ ፎር ክሊፍት፡ ኣውቶቡስ፡ ንኣሽቱ መካይን፡ ናይ ጽዕነት መካይን፡ ዓበይቲ መካይን ምስ ተሳሓብተን፡ ብጥላት. . .) ክኾኑ እንከለው፡ ዝተረፉ ኣብ ጽገና መካይን ዝጥፉን ዓደልቲ ኑዩዲን ዘይቲ/ቅብኢን ተሽከርከርቲ እየም፡፡

ዕላማ ናይ'ዚ ንኣባላት ኩባንያ መጉዓዝያ ለሎ ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ እቲ ትካል ዝህቦ ኣገልግሎት ጽፉፍን ዓማዊል ዘዎጉብን ኩይኑ ክፀቢ ዝበል ኩይኑ፡ ኣብ መንጎ መራሕቲ መካይንን ናይ ጽገና ቴክኒሻናትን ዝሀሉ ምርድዳእ እውን ዝያዳ ንምሕያሉን ሓደጋታት ንምክልኻልን ዘጠቓለለ እዩ፡፡

ዝጠዘሉ ሰልጠንቲ ከኣ ኣብ ዓውዲ ምምራሕ መኪናን ጽገና ተሽከርከርቲን ናይ ነዊሕ ዓመታት ወህለል ተመኩሮ ዘለዎም ክኢላታት እየም፡፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዘለካ ተመኩሮን ፍልጠትን ተወሳኺ ትምህርትን ስልጠናን ምድላብ ግዱ ኣብ ዕብዮት ሞያ ዝህልዎ ግደ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን፡፡

ሰልጠንቲን ኣሰልጠንትን ኣብ ግዜ ትምህርቲ ዘርኣይዎ ትዕግስቲን ትግሃትን ዘማስኸ ኣቶ ሓየሎም፡ ዝተማሃርዎ ተወሳኺ ጥበብ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም ብዘዮጋጽ ክጥቀምሉ ተላብዩ፡፡

ቀጺሉ መግለጺ ዘቕረበ ካብ ኣሰልጠንቲ ሓደ ዝኾነ - መሃንድስ ናሆም ሚልዮን እዩ፡፡ መሃንድስ ሚልዮን ካብ ትካል



ዓንበርበብ ሺር ኣምፓኒ እዩ፡፡ ንሓፈሻዊ እቲ ትምህርቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ መጉዓዝያ ብሓፈሻ፡ መጉዓዝያ ምድሪ ደማ ብፍላይ፡ ኣብ ማዕርሕ ህንጸት ሃገርን ህዝባዊ ኣገልግሎትን ወሳኒ ግደ ዝጻወት ጽላት ምኻኑ ኣረዲኡ፡፡ "ዓለምና ኣብ'ዚ ጽላት'ዚ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ተመዝማዚ ዘላ ዝላ ምዕባሌታት ዘደንጹ እዩ" ዝበለ መሃንድስ ናሆም - ካብ'ዚ ዝበለስ ሕልፊ ካልኦት መራሕቲ ተሽከርከርቲ፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ'ዚ ደረጃ ኣፍልጦኦም ንምዕባይ፡ ምስ ቀጻሊ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ዘላሊ መደባት ስልጠና ምስራዕ እዋኑ ዝጠልቦ ጉዳይ ምኻኑ ኣገንዘበ፡፡

ዓንበርበብ ሺር ኣምፓኒ፡ ኣብ'ዚ መዳይ ከም ሃገራዊ ትካል መጠን ኣብ ህንጸት ሃገር እጃሙ ንምብርኻት፡ ወከልቲ ካብ ዝኾና ትካላት ዝረኸቦ ፍልጠትን ንዓመታት ዘጥረዮ ተመኩሮን - ኣብ ጽላት መጉዓዝያን ምስ መጉዓዝያ ዝተኣሳሰሩ ምዕባሌታትን ናብ ሕብረተሰብ ንምትሕልላፍ፡ ወትሩ ኣብ ስራሕ ከምዝርከብ እውን ኣረዲኡ፡፡

እቲ ዝተዋህበ ስልጠና፦

=መራሕቲ መካይን፡ ናይ ቅድመ ሓደጋ ምምራሕ (Defensive Driving) ኣፍልጦኦም ብምዕባይ፡ መጠን ትራፊካዊ ሓደጋታት ኣብ ምንካይ፡ ኣብ ህይወት ሰብን ንብረትን ክመጽእ ዝኽእል ዕንወት ናብ ባዶ ንምውራድ፣

=መራሕቲ መካይን፡ ኣፍልጦኦም ብዛዕባ መኪና ምዕዛዝን፡ ብልምዲ ዝተጠርየ ተመኩሮን ፍልጠትን ስነ-ፍልጠት ተወሲኽዎ ደረጃ ብቕዓቶም ክብ ንምባል፣

=ኣፍልጥኦም ኣብ ወቕታዊ ጽገናን (Periodic Maintenance) መጠን ዕድመ ኣገልግሎት ተሽከርከርቲ ንምንዋሕ ንጽገናአን ተባሂሉ ዝስእብ ወጻኢታት ንምንካይ፣ ልዑል ግደ ክህልዎ ምኻኑ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተሓቢሩ፡፡

ከም መግለጺ መሃንድስ ናህም፡ እቲ ስልጠና እዋኑ ዝጠለቦን ደረጃኡ ዝሓለወን ኣብ ርእሲ-ምኻኑ፡ እዚ ዓንበርበብ ሺር ኣምፓኒ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ - ምዕቡል ስርዓተ-ቴክኖሎጂ ተሽከርከርቲ እዚ፡ ናብ ሕብረተሰብ ናይ ምትሕልላፍ መደቡም ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጽልዎ እዩም፡፡

ድሕሪ መሃንድስ ናህም መግለጺ ዘቕረበ፡ መሃንድስ ቅብኣታት ተሽከርከርቲ ኣብ ኩባንያ ሊብያ ኦይል ኤርትራ - ናስር ሙሳ እዩ፡፡ መሃንድስ ናስር ኣብ መግለጺኡ፡ ቅብኣ ደም መኪና ምኻኑ፡ ትካላት ኣፍረይቲ መካይን ብዘህብኦ ምሕላው (ምውሓስ) ጥራይ ዘይኮኑ፡ ዕድመ ኣገልግሎታ ኣብ ምንዋሕ እውን ልዑል እጃም ከምዘለዎ ድማ ኣረዲኡ፡፡

እቲ ብትካል ዓንበርበብ ሺር ኣምፓኒን ኩባንያ ሊብያ ኦይል ኤርትራን ዝተዋህበ ንቕብኣታት/ዘይቲ መካይን ዝምልከት ትምህርቲ፡ መራሕቲ መካይንን ናይ ቴክኒክ ክኢላታትን ኣብ ኣመዓራርባኡን ኣጠቓቕማኡን ዝጸንሖም ፍልጠት፡ ብስነ-ፍልጠት ተደጊፉ ንተመኩሮኦምን ኣፍልጦኦምን ዘድርዕ ከምዝኾነ ኣብሪሁ፡፡

መሃንድስናስርኣብመወዳእታ፡መራሕቲ መካይን ይኹኑ ካልኦት ሰልጠንቲ፡ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣገልግሎቱ ንረብሓ ሓፋሽ ምኻኑ ተገንዚቦም፡ ንትግባረኡ ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ፡፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝደሊ ሰብ፡ ኩባንያ ሊብያ ኦይል ኤርትራ ክደግፍ ወትሩ ማዕጾኡ ርሑው ምኻኑ ደማ ሓቢሩ፡፡

ወከል ተመረቕቲ ብወገኑ፡ ዝጠዘሉ ሰልጠንቲ መራሕቲ መካይን ኩይኖም ንነዊሕ ዓመታት ዘገልገሉን ዘገልግሉ ዘለዉን ምኻኖም ጠቒሱ፡ እዚ ኣብ ስነ-ፍልጠት ተመርኩሱ ዝተዋህበ ትምህርቲ ንዘጸንሖም ፍልጠትን ክእለትን ዘበርኸን ኣብ ስራሖም ዓቢ ሓገዝ ዝዕብርን ምኻኑ ገሊጹ፡፡ ብሕልፊ ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥሞም ቴክኒካዊ ጸገም ኣብ ምፍታሕ፡ ኣቃሊልካ ዘይርአ ደገፍ ክህልዎ ምኻኑ ኣረጋጊጹ፡፡

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ቴክኒካዊ ኣቃውማ መኪና እንታይ ከምእትመስል ብደቂቕ ንምፍላጥ ኣንቢቦም ክርድእዎ ምእንቲ፡ መወከሲ መጽሓፍ ከምእተዋህቦም ብምጥቃስ ከኣ ንዝተጉበረሎም ኩሉ-መዳያዊ ሓገዝ ብስም ተመረቕቲ ኣመስጊኑ፡፡

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ንገለ ተኻፈልቲ እቲ ስልጠና ኣዘራሪብና ነይርና፡፡ ኣቶ ፍስሃጽዮን ተወልደ፡ ካብ 1984 ጀሚሩ ናይ 40 ዓመት ተመኩሮ ምምራሕ መኪና ዘለዎ ጉዳም ተጋዳላይ እዩ፡፡ ክሳብ እዋን ናጽነት ኣውቲስታ 'ኦራል' ኩይኑ እዩ ሰሪሑ፡፡ ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1992 ከኣ ምስ ምቛም ትካል ረዲኤትን ተሃድሶን ኤርትራ ናብ'ቲ ትካል ተቐይሩ ሰሪሑ ቀጺሉ፡፡ ጸኒሑ ናብ ለሎ ኩባንያ መጉዓዝያ ተቐይሩ ክሳብ ሕጂ ኣብኡ

ብምኻኑ፡ ተረኺብ ኢልካ ከም ድላይካን ኣብ ድላይካን ቀዲሕካ ምጥቃም ከምዝይግባእ፣ ዓይነቱ፡ ጽሬቱን ድሕነቱን



ኣቶ ፍስሃጽዮን ተወልደ

ደሰርሕ ኣሎ፡፡ ብዛዕባ እቲ ዝተዋህቦም ትምህርቲ ሓበሬታ ክህበና ተወኪስናዮ፡፡ "ኣብ ኣጠቓቕማ ዘይቲ መኪና፡ ድሕነት ማኪናን ምምራሕ መኪናን ክንገብሮ ዘለና ኣገባብ ተማሂርና፡፡ ዘይቲ መኪና ንኣብነት - 'ስር ደም ተሽከርከርቲ' ፈሊጥካ ክትጥቀመሉ ከምዘድሊ. . . ዘጠቓልል ግሩም ዝኾነ ትምህርቲ ኢና ቀሲምና" ክብል ገሊጹልና፡፡

ኣብ ስራሕ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ምህዞን ሰንዓን ደማ ብፍላይ፡ ዘየዕርፍ ስልጠና ተሽከርከርቲ የድሊ፡፡ ከምኡ ምግባር፡ ምስ ምዕባለ ዓለም ክትሰጉም የኽእለካ ጥራይ ዘይኮኑ ምስ'ተን ቀጻሊ ዝምዕብላ ዘለዋ ዘመናውያን ተሽከርከርቲ የላልየካ፡፡

ኣብ ኩባንያ መጉዓዝያ ለሎ መደብ ስራሓ ኑዩዲን ዘይትን ምዕዳል ዝኾነት ወይዘሮ ለተኺዳን የማነ፡ ሓንቲ ካብ ተሳተፍቲ እቲ ትምህርቲ እያ፡፡ ዝቐሰመቶ ትምህርቲ፡ መካይን ዝጥቀማሉ ዓይነታት ኑዩዲን ዘይትን፡ ኣበየናይ ከፊታት እንታይን ክንደይን ትህበን. . . ዘጸር ምኻኑ ገሊጻ፡፡ ኣብ ርእሰኡ፡ ጽሬት ዘይቲ ኣብ ምልላይን ኣብ ኣገባብ ኣተሓሕዝኡን፣ ተሽከርከርቲ (መካይን) ኣብ እዋን ምቑትን ዛሕሊን ዝወስዳኦ ዓቐን ወይ መጠን ዘይቲ ዝተፈላለየ ምኻኑ ዝሕግዝ - እኹል ሓበሬታን ኣፍልጦን ቀሲማ ምህላዋ እውን ሓቢራ፡፡

ኣቶ ፍስሃጽዮን ተወልደን ወይዘሮ ለተኺዳን የማነን ኣብ መወዳእታ፡ ፍልጠትን ተመኩሮን ዘበርኽ ተወሳኺ ትምህርቲ፡ ልዑል ኣቓልቦ ተዋሂብዎ - ብዘዝኡ ወጽኢቱ እናተገምገመ ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጽል ተላብዮም፡፡

ተመረቕቲ ኣብ መወዳእታ፡ ዝተዳለወሎም ወረቐት ምስክር - ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ትካላት ተቐቢሎም፡፡

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ
መበል 51 ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ "ኣቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ፡ ንኣቋውማ ሃገራት ሱዳን፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ሶማል ድሕሪ ምምልካት ናብ "ኣቋውማ ሃገረ ኢትዮጵያ" ሰጊርና ካብ ዘመነ ሃጼይ ምኒሊክ ክሳብ ስርዓት ወያነ ተመልኪትና። ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ፡ ኀጦጣ ኤርትራ ዘስዓበ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውናን ባህጊ፣ ሕልሚ ሪፑብሊክ ትግራይ፡ ሕማም ምስፍሕፋሕ ግዝኣታት፡ ኣቋውማ ክልላትን ጸገማቱን እውን ኣንቢብና።

**ኣቃውማ ሃገረ ኤርትራ**
**ናይ ሎሚ ኤርትራ ኣብ ጥንቲ**

ቀዳሞት ሰፋሮ ናይ ሎሚ ኤርትራ



ህንጻ መጠራ

ከምቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኩሻውያን፡ ሰዒቦም ዝመጹ ሴማውያን፡ ጸኒሖም ቀይሕ ባሕሪ ሰጊሮም ዝመጹ ሳባውያን ዘጠቓለለ እዩ ክበሃል ይከኣል። ዝጠዘሑ ሰፋሮ ኣብ ሕርሻ ዝነብሩ ኮይኖም ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ከኣ ብመጓሰ ዝነብሩ ሰበኽሳኖም ይቕመጡ ከም ዝነበሩ



ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከብ ዝበረሰ ስልጣነ ዑና

ይፍለጥ። ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ብዙሓት ናይ ጥንቲ ስልጣኔታት ኣሰር ከም ዝገደፉ ይፍለጥ። ይኹን'ምበር መሳፍንቲ ኢትዮጵያ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፋትና ብሰፊሑ ዝተመልከትናዮ ናይ 3000 ዓመት ጽውጽውያዊ ታሪኽ ንምጥዕዓም



ሓወልቲ መጠራ

ክብሉ ብዙሕ ዛንታ ሰሪዮም እዮም። እዚ ዝተጠቕሰ ጽውጽውያዊ ታሪኽ ንታሪኽ ኤርትራ እውን ኣዘንቢዑ ዘቕርብ እዩ። ኣሰዒብና ሕሉፍ ታሪኽ ናይ ሎሚ ኤርትራ ብሕጽር ዝበለ ክንጠቅስ ኢና።

ኣብ ቡያ (Byua)፡ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ መጀመርያ 90ታት ኣብ ዝተገብረ ዳህሳስ ዝተረኽበ ልዕሊ ሚልዮን ዓመት ዝዕድሚኡ ጥንታዊ ዓጽሜን፡ ኑቲ ሳይንቲስት ናይ መጀመርያ ደው-ዝበለ ሰብ (Homo erectus) ዝብልዎ ምስቲ ኣብ ማእከሓ መዋእላት ዝማዕበለ ዘመናዊ ሰብ (Homo sapiens) ዘተኣሳስር ይመስል። ተመራመርቲ ስዑጥንቲ እቶም ናይ ፈለማ ሰባት ብቀይሕ-ባሕሪ ኣቢሎም ናብ መላእ ዓለም ፋሕ ብምባል ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለም ሰፊሮም ዝብል እምነት ኣለዎም። እዚ ኣብ ቡያ ዝተረኽበ ጥንታዊ ዓጽሜን ከኣ ነዚ እምነት'ዚ ዚያዳ ቅቡል ይገብሮ። ብዙሓት ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ኣብ ኤርትራ ብዙሕ ታሪኻዊ ቦታታት ከም ዘሎ ይእምኑ። ኮይኑ ግን ብሰንኪ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ብዙሕ ዳህሳስን ኩዕታን ስለ ዘይተገብረ ዘሎ ናይ ጥንቲ ሓበሬታ ኣዝዩ ውሱን እዩ።

ከምቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ማትዮው ቻድ ኩርቲስ ብተሓባባርነት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ገጽ ዘሰፈሮ ጽሑፍ፡ ኣብ 20,000 ትርብዒት ኪሎ-ሜተር ዝኸውን ከባቢ (ዞባ ማእከል፡ ዞባ ደቡብን ገማግም ቀይሕ ባሕርን) ዘሎ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ቦታታት ጥራይ፡ ንኤርትራ ሓንቲ ካብቲ ዓሚቑን ሰፊሕን ኣርኪዮሎጂካዊ ቅርሲ ዓለምና ዝርከባ ሃገር ይገብራ ይብል።

**ጥንታዊ ስልጣኔታት ኤርትራ**
**ስልጣነ ፑንት**

ናይ ጥንቲ ግብጻውያን ቅድሚ 4500 'ስልጣነ ፑንት' ዝበሃል ምስ ግብጺ ንግዳዊ ርክባት ከምዝነበሮ ይጠቕሱ እዮም። ካብኡ ብምብጋስ ብዙሓት ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ መሬት ፑንት ዝበሃል ብቐንዱ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ናይ ሎሚ ኤርትራ ኮይኑ ንገለ ክፋል ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲን ሶማልን'ውን ዘጠቓልል ምንባሩ ይትንትኑ። ብኣጸዋውዳ ግብጻውያን ምድሪ-ፑንት ማለት ምድሪ-ኣምላኽ ማለት እዩ። (ብዝበለጸ ሃብታም ትሕዝቶ ዝተዋህቦ ሽም'ዩ።) ንግስነት ፑንት፡ ዚያዳ ምስ ግብጻውያን፡ ብመጠኑ ከኣ ምስ ፊኒቓውያን (Phonecians - ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ማእከላይ ባሕሪ ኣብ ከባቢ 1000 ቅ.ሓ.መ. ስልጣኔ መስሪቶም ዝነበሩ ህዝብታት) ንግዳውን ባህላውን ዝምድናታት ነይሩዎ። እዚ ንግስነት'ዚ ጉጭ ሓርማዝ (Ivory)፡ ወርቂ፡ ዕጣን፡ ዕጸ ከርቤ፡ ዝቡ፡ ቀርበት ጥሪትን ኣራዊትን ከምኡ'ውን ደቀ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ጊላታት ናብ ደገ ይልእኽ፣ ከም ወይኒ፡ ኣስራዚ (bronze) ንሒል (ታኒካ) ዝኣመሰሉ ናይ ንግዲ ኣቕሑ ድማ የእቱ ነበረ። (ምንጪ፡ ታሪኽ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት ገጽ 10፡ ህግደፍ ኑሓሰ 2012)

**ስልጣነ ጋሽ**

ኣብ ከባቢ ኣቑርደት ዝተረኽቡ ቅርሲታት ከም ዘረጋግጽዎ ቅድሚ 4500 ዓመታት ኣብ መጓሰ ዝምርኩስ



ዓሚቑ መጽናዕቲ ስልጣነ ዑና ድሕሪ ናጽነት ብዩኒቨርሲቲ ኣስመራን መሻርኽቶምን

ስልጣነ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። እዚ ናይ ጋሽ ስልጣነ ንልዕሊ 1000 ዓመት ዝቐጸለ ኮይኑ፡ ኣብ ፈለግ ኒል ምስ ዝነበሩ ስልጣኔታት ርክባት ከም ዝነበሮ ሊቃውንቲ ይገልጹ። ስልጣነ ጋሽ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ኤርትራ ዝተኸለ ኮይኑ ምስቲ ብወገን ምብራቓዊ ክፋል ኤርትራ ዝነበረ ስልጣነ ፑንት ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ግን ከኣ ተኣሳሲሩ ዘይኮነ ነንበይኑ ዝማዕበለ ይመስል።

**ስልጣኔታት ኤርትራ ካብ 800 ቅ.ሓ.ዘ. ክሳብ 800 ሓ.ዘ.**

ብሰንኪ ተኸታታሊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ከምቲ ኣብ ካልእ ከባቢታት ኣፍሪቃ ብዙሕ ታሪኻዊ መጽናዕታትን ኩዕታን ክካየድ ኣይከኣለን። እዚ ኮይኑ ግን ካብ 800 ቅ.ሓ.ዘ. ክሳብ 800 ሓ.ዘ. ኣብ ናይ ሎሚ ኤርትራ ብውሑድ 50 ዝተፈላለየ ስልጣኔታት ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኣብዚ ዝስዕብ ንገለ ካብኡም ስልጣኔታት ኣሕጺርና ክንጠቅስ ኢና። (እዚ ሰዒቡ ዝቐርብ ብቐንዱ ካብ ናይ ማቲው መጽናዕቲ ዝተወሰደ ኮይኑ ዚያዳ ሓበሬታ ዝደልዩ ኑቲ ጽሑፍ ክውከሱ ይኽእሉ)።

**ስልጣነ መጠራ**


መጠራ ወይ በለው ከለው ኣብ ጥቓ ሰንዓፈ ዝርከብ ብዙሕ ቅርሲታት ዝርከቦ ታሪኻዊ ቦታ እዩ። ምስ ካልእ ታሪኻዊ ከባቢታት ኤርትራ ብምንጽጻር ብዙሕ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉ ቦታ እዩ። ሙብዝሕትኡ እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ብናይ ኢትዮጵያ ትካል ኣርኪዮሎጂ ዝተመወለ ወይ ዝተፈጸመ እዩ። እዚ ኣብ መጠራ ዝርከብ ብዙሕ ቅርሲታት ቅድሚ ስልጣነ ኣኽሱም ዝነበረ ክንሱ ዝጠዘሐ ግዜ ምስ ስልጣነ ኣኽሱም ተተሓሒዙ ከም ዝጸንሐ ጸኒሑ።

**ስልጣነ (ዑና-ሰምበል)**

ኣብ ሰምበል (ኣስመራ) ዝተረኽበ ናይ ጥንቲ ናውቲ ማእቶት ኣብ ከባቢ ኣስመራ ሕርሻን መጓሰን ካብ ቅድሚ 2800 ዓመት (800 ቅ.ሓ.ዘ) ጀሚሩ ይካየድ ከም ዝነበረ ዘረጋግጽ እዩ። እዚ ናይ ዑና ስልጣነ'ውን መቐጸልታ ወይ ንስልጣነ ፑንት ሰዒቡ ዝመጸ ምዃኑ ሊቃውንቲ ይገልጹ። ኣብ ግብጺ ዝተረኽቡ ነዊሕ ክሳድ ዘለዎም ዕትሮታት ዑና፡ ካብ መሬት ፑንት ከም ዝመጹ ዝገልጹ ኣሰራት ይርከብዎም። ስልጣነ ዑና ንኣስታት 400 ዓመት (ክሳብ 400 ቅ.ሓ.ዘ) ዝቐጸለ ቅድሚ ስልጣነ ኣኽሱም ዝነበረ ምዃኑ ምሁራት ይገልጹ። ኣብ'ቲ ስልጣነ ደዓማት ዝነበረሉ ግዜ'ውን ኣብ ዑና (ከባቢ ኣስመራ) ዝነበረ ስልጣነ ይቕጽል ከም ዝነበረ ናይ ታሪኽ ጽሑፋት ይሕብሩ። ንኣብነት ማቲው ቻድ ኣብቲ መጽናዕታዊ ጽሑፉ (ምንጪ፡ MATTHEW CHAD CURTIS: ARCHAEOLOGICAL INVESTIGATIONS IN THE GREATER ASMARA AREA: A REGIONAL APPROACH IN THE CENTRAL HIGHLANDS OF ERITREA page 23)፡ ናይ ዑና ማሕበረሰብ ዝነበሮ ሓውሲ ዘመናዊ መነባብሮን ውዳበን ከምኡ'ውን ምስ ናይ ቀረባ ርሑቕን ማሕበረሰባት ዝነበሮ ቁጠባዊ፡ ማሕበረ-ፖለቲካዊን ስነ-ሓሳባዊን ዝምድና ኑቲ ጸኒሑ ዝማዕበለ ስልጣነ ኣኽሱም ኣገዳሲ መሰረት ምንባሩ ይእምት።

**ስልጣነ ደዓማት**

ስልጣነ ደዓማት ቅድሚ 2800 ዓመት (ካብ 800 ቅ.ሓ.ዘ) ን100 ዓመት ዝጸንሐ (ክሳብ 700 ቅ.ሓ.ዘ) ኮይኑ ንብዙሕ ክፋላት ከበሳታት ኤርትራን




ሰፊሕ ምድላዋት ንዓሚቑ መጽናዕቲ ስልጣነ ዑናን ከባቢ ኣስመራን ድሕሪ ናጽነት ብዩኒቨርሲቲ ኣስመራን መሻርኽቶምን

ገለ ክፋል ሰሜናዊ ትግራይን ዘጠቓልል ነበረ። ኣብ ቀሓይቶ ዝርከቡ ቅርሲታት ኣብ ናይ ደዓመት ግዜ ዝተሃነጹ እዮም ዝብል መረዳእታ ኣሎ። ስልጣነ ደዓማት ን100 ዓመት ጥራይ ዝጸንሐ እሞ ኾኣ ስልጣነ ዑና ኣብ ዝነበረሉ እዋን ምንባሩ ዝትንትን ገና ብልክዕ ምርግጋጽ ዘድልዩ ኣገዳሲ ታሪኽ ዘሎ ይመስል።

ካብ ከባቢ 1000 ቅ.ሓ.መ ኣትሒዞም ሳባውያን ዝበሃሉ ህዝቢ ካብ ደቡብ ዓረብ ናብ ኤርትራ ሰጊሮም ፈለማ ኣብ ደሴታት ዳህላክ፡ ጸኒሖም ከኣ ኣብ ገማግም ባሕርን ከበሳታትን ኤርትራ፡ ኣብ ከም በዓል ኣዱሊስ፡ ቀሓይቶ፡ ተኹንዳዕ ከስከሰን መጠራን ሰፈሩ። ኣብ ከባቢ 8ይ ዘመን ቅ.ሓ.መ. ኣብሉ ከኣ ዝበን ከተማታት ዘጠቓልል 'ደኣመት' ወይ 'ደዓመት' ዝበሃል ሰርወ-ንግስነት (dynasty) ተመስረተ። እዚ ንግስነት'ዚ ካብ ግዜ ኣዱሊስ ጀሚሩ ክሳብ ግዜ ኣኽሱም ዝተዘርገሐ ኮይኑ፡ ኣዱሊስ ከኣ ማእከል ስሕበት ናይዚ ንግስነት'ዚ ነበረት። ሳባውያን ኣብዚ ከባቢ ምስ መጹ ንሕርሻ፡ ስነ-ህንጻ (architecture)፡ ፖለቲካዊ ስርዓት፡ ቋንቋ፡ ሃይማኖትን እምነትን እዚ ከባቢ ጸልዮሞ እዮም። ንግስነት ደዓማት ኣብዚ ከባቢ ዓቢ ንግስነት ስለዝነበረ ምስ ግሪኽ፡ ሮማን መረዊን (ኣብ ናይ ሎሚ ሱዳን) ንግዳውን ባህላውን ዝምድና ነበሮ። (ምንጪ፡ ታሪኽ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት ገጽ 11፡ ህግደፍ ኑሓሰ 2012)

**ይቕጽል**

# ሩፍታ

ማህሌታይ ያሬድ

## ድሕሪ እተን ቀለቤት. . .

5ይ ክፋል

ነገራት ጋን እናኸዳ ክኸይድ ጀሚሩ፡፡ ድልየታ ወይ ሓሳብ ብጹሩ ንኽፈልጦ ኣጸጋሚ፡፡ ብልበይ 'ካብ'ቶም ጽቡቕ ጊዮርጊ. ትቕርብዮም ይግበረ' ኢለ እናሓሰብኩ፡ ዘኸፋ መልሲ ከይዛብኩዋ፡ መግቢ ቀሪብ ክንምገብ ጀመርና፡፡ እናተመገብና ከለና እያ ድማ "ስለምንታይ ካብ ኣደኺ ተፈሊኺ ክትነብሪ መሪጽኪ? ዝበልኩዋ፡፡

"ኣይደለኹዎን"

"ዝይመድልየኺ'ሞ እንታይ እዩ?"

"ዋላ ሓንቲ፡"

"ብዝይዘኸፋ ምኽንያት ካብ ወላዲትኪ ተፈሊኺ ንበይንኺ ክትቕመጢ መሪጽኪ?"

"ብዝይምኽንያት ደኣ ኣይኮንኩን፡፡ ምስ ኣደይ ክነብር ደስ ምበለኒ ነይሩ፡፡ ቀንዲ ካብ'ቲ ቦታ ክርሕቕ ዝደለኹሉ ምኽንያት 'ሰበይቲ ጦርሰራዊት እያ ነይራ' ክበሃል ስለዘይደለኹ'የ" ኢላ ኣሕጸረትለይ፡፡

"ነዩርኪ ኣንዲኺ'ሞ ሰብ ዝበለ እንተበለ እንታይ ጸገም ኣለዎ?"

"ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከምኡ ክትብሃል ጽቡቕ ኣይኮነን፡፡ የሸፍዩ፡፡ ግዱሓቂ ማሰሉኒ ጊዮረዎ እንደዩ ኣብ ሕሉፍ ስለ ዘይንበር ግን ብዝዕሉ ኩሓሰብ ኣይደለይን እዩ፡፡ እዚ ክበልካ ከለኹ ነቲ ታሪኽ ደምሰሰ ሓወይን ወዲ-ዓደይን ተመርሐዩ ነቶም ብኣይ ዝዘረቡ ክልተ ግዜ ክዘርቦም ስለዝሓለኹ እየ" በለትኒ ኣብ ገጻ ናይ ምስትምሓል ስምዒት እናተዓዘብኩ፡፡

"ሓዳር ጊዮርጊ ክትነብሪ ደኣ ጽቡቕ እዩ፡፡ ወላዲ ኣቦይ ደርኩብ?" ኣቐልል ኣቢለ ድሕሪ ምዝራብ ምምጋበይ ቀጸልኩ፡፡ ኣቦ ግን ካብ'ቲ ዕላል ክትወጽእ ዝደለየት ኣይትመስልን፡፡

"ሓዳርን ወላድን ካብ ወዲ ሃገርካ እንተ ኸነ እዩ ጽቡቕ፡፡ ዝሓለፍኩዎ ህይወት ይኣኽለኒ"

"እው ሓቅኺ" ኢለ ጥርቅም፡፡

መግቢ ድሕሪ ምምጋብና፡ ቡን ፈለሑ ክንሰቲ ጀሚርና፡፡ ኹና ዘሎ እናማሰሊ ከይተረደኣኒ መሪት ጸልሚቱ፡፡ ከማታእ ድሕሪ ምጽናሕ ኸኣ "ሕጂስ ክኸይድ እዋን ከኣ ማዕዩ እዩ" ምስ በልኩዋ፡ ግደይ ከይገበረት "ደሓን ኣብ ገዛኻ ኢኻ ዘለኻ፡ ኣብ'ዛ ገዛኻ ካብይ ንላዕሊ እንታይ ኢኻ ኣቓሚጥካ" በለትኒ፡፡ እቲ ጸጼሓ ሰው እተብሎ ገለ ነገር ገዲምት ዘረብ ጋን ይኸዚ ስለ ዝበረ ክምልሰላ ኣይከኣልኩን፡፡ ከምኡ ምኽዝራብ እንተ ዘይጸላእኩዎ'ኳ፡ ምናልባት ነገራት ከይቅልጥፍኒ መታን መንገዲ ካብ ምኽፋት ክሕዕብ ነይሩኒ፡፡ ስለ'ዚ ድማ ጉዳይ ክኸይድ ከም ዘሎኒ ምስ ነብሰይ ተላዚበ፡ ደርቐ ኢለ ክንዲ ዝዘረብ ግን ንጽብሒቱ ክምለስ ምኳነይ ቃል ኣትየ ብድድ በልኩ፡፡ ኣበ ከም ሰንበድ ኢላ "ናበይ ደኣ?" በለትኒ፡፡

"ሎሚ ዘይተርፍ ስራሕ ኣሎ፡፡ ጽባሕ ግን ንሽኺ ስራሕ ዘይብልኪ እንተ ኾይኑ ክምለሰኪ እየ" በልኩዋ ብትሕትና፡፡


ውሳኔይ ዘይቕየር ኩይኑ ግዲ ተሰማዊዋ፡ ባህ ከይበላ "ጽባሕ ሰዓት ክንደይ ኢኻ ትመጽእ?" ክትብል ሓተተትኒ፡፡

"ድሕሪ ሰዓት ሓሙሽተ ኣብ ደሓይኪ ሰዓት ክመጽእ እኽእል'የ?"

"ሕራይ ሰዓት ሽዱሽተ ይኸኣልና - ክጸበየካ'የ" ምስ በለትኒ ነገር ተወዲኡ፡፡

ብሓቂ ብመልክዓ ጥራይ ዘይኮነ ብጠባያን ዘረባኣን እውን ንዓይ እትኸውን ሰብ ከም ዝረኸብኩ ይስመዐኒ ነይሩ፡፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ከም'ቲ ሓደ ፈላጥ "ጓል ንወዲ ክትምርዓዎ ከለ ክትቅይሮ ከም ኣትኽእል ትኣምን፡፡ ወዲ ድማ ንጓል ክምርዓዋ ከሎ ከም ዘሎታ ከይተቐየረት ክትነብረሉ ይደሊ፡፡ ኣብ መውዳእታኡ ግን እታ ጓል ትቕየር እቲ ወዲ ድማ ከም ዝበሮ ይቕጽል" ዝበሎ፡ ብሓደ ምንባር ምስ ጀመርና ጠባያ እንተ ተቐይሩ ኣብ ሽግር ከይኣቱ ስግኣት ይሓድረኒ ነበረ፡፡ እዚ ክበል ከለኹ ግን ብሕውነት ድያ ወይስ ንሓዳር ከም ትደልዮ ክረጋገጽ ኣይከኣልኩን፡፡

ንጽባሒቱ ከም ቆጸራይ ኣብ ቤታ ተረኸብኩ፡፡ ቤታ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ጽርዩን ብጽፉፍ ኣቀማምጣ ንብረት ማዕርዮን ጸኒሑኒ፡፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣሂን ንሳን ካብ እንሓለ ንደሓር ከም ሽዑ መዓልቲ ገይራ ወቒባ ኣይረአኹዋን፡፡ ንቕርጺ ኣካላታ ብልክዕ ዘርኢ ጎና፡ ዝተመሸጠ ጸጉራ፡ ምኡዝ ሽታ ኑብሳን ቤታን ኣመና ማራኺ ነበረ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ፍሸኽታኣን ውዕወዕ ኣቀባብላኣን



ልበይ ሰለበ፡፡ ሽምጢ ሽምጢ ተሓቛቚፍና ኣብ ሳሎን ኮፍ ምስ በልና "ብዓይኒ ሓቂ ትመጽእ ኣይመሰለንን ነይሩ?" በለትኒ፡፡

"ዝይመጽእ ደኣ ስለምንታይ ቆጸራ ጊዮርና?"

"እንደዒ - ካብ'ዚ ገዛ ንኽትወጽእ ዝፈጠርካዮ መመኽነይታ እዩ ማሰሉኒ"

ገለ ቃላት ምስ ተለዋወጥና "ደገ ኬይድና ሻሂ ሰቲና ንምጽእ ዋላስ . ." ኢላ ከይወድኣት ከላ "ኣብ ገዛ ኣንተ ኾንና እንታይ ጸገም ኣለዎ ደዩ?" ክብል ቀደምኩዋ፡፡

"ዋላ ሓንቲ ጸገም የለን፡፡ እቲ ምርጫ ናትካ እዩ" ኢላ መልሲ ከይዛብኩዋ ከለኹ ተንሲኣ ልስሉስ ማስተ ሒዛትለይ መጸት፡፡

ኣነ ላጊጋጊ ካብ ምኻን ንኽድሕን ናይ ብሓቂ ድልየታ እንታይ ምዃኑ ንኽፈልጥ ተሃወጽኩ፡፡ ኣብ ጎደይ ኮፍ ምስ በለት ከኣ መልሰግብራ ክገምግም ኢለ "ብጣዕሚ ጽብቕቲ ኢኺ" በልኩዋ፡፡

"እው ታሪኸይ እምበር ኣነስ ጽብቕቲ ክኸውን እኽእል'የ" ኢላ ዝን በለት፡፡

"ታሪኽኮ ሕሉፍ እዩ፡፡ ሕጂ ከመይ ኣለኺ'ዩ እቲ ዘገድስ፡፡ ድሕሪ ሕጂ ከምኡ ዝበለ ዘረባ ከይተሰምዓኒ በጃኺ፡፡ ኣነ ብዙሓ ህሉውን መጻኢን እምበር ብዙሓ ሕሉፍ ዝጭነቕ ሰብ ኣይኮንኩን" ክብል መጸጸ በልኩላ፡፡

"ብሓቂ?"

"ብሓቂ እያ ዝዛረበኪ ዘለኹ?"

"እሞ ምሳይ ክትነብር ትኽእል ኢኻ?"

"ኣብይ ክረኽቦ እምበር ምሳኺ ደኣ . . ." ኢለ ትም በልኩ፡፡ ዘረባይ ግን ወትሩ መምስ መሉቀ እዩ ዘጥዕሞ፡፡

ናይ ላዕለዋ ካምቻይ መላጉም እናፋትሐስተን ብሽኮምሲታ እናገዘፈትኒ "ናይ ልቦኻ ተዛረበ - ኣነ እጻወት ኣይኮንኩ ዘለኹ" በለትኒ፡፡

ትርግታ ልበይ ክቕልጥፍ ከሎ ተፈለጠኒ፡፡ ናይ ሓቂ ደዩ ዋላስ ሕልሚ ዳርጋ ኣጠራጠረኒ፡፡

"ኣነውን እጻወት ኣይኮንኩን ዘለኹ - ናይ ልብኺ ተዛረቢ" ክብል ድማ ነቲ ዝሓተተትኒ መልሲ ሓተትኩዋ፡፡

"ናይ ልበይ እያ ዝዛረብ ዘለኹ" ድሕሪ ምባል ንርእሳ ኣብ ደረተይ ኣውደቐቶ፡፡ ቀልበይ እውን ብኡ ኣቢሉ ናብኣ ኸደ፡፡ ብሕሹኽታ "እሞ ካባይ እንታይ ኢኺ ትደልዪ" ኢሉ ኣደይ ኣብ ገጸበራ ኣዕሊብኩዋ፡፡

ብዙሕ ከይተማትኣት "ሓዳርምበር እንታይ ድኣ" በለትኒ፡፡

"ሓዳር!" ደገምኩላ ነታ ቃል ቁንጮል ኣቢለ፡፡

"እው ሓዳር፡፡ ዳግማይ ሓዳር ክምስርት ስለዘይለኹዶ ኣይኮንኩን ኣቕርያት ከይደ ቃልኪዳይ ኣውሪደ ዝመጻእኹ" ምስ በለትኒ ብዝይዘኸፋ ቅድመኩኑት "ፈጣሪ ይሓግዘና'ምበር ምሳኺ ደኣ . . ." ኢለ ናብ ላዕሊ ኣንቃዕሪርኩ፡፡

"ብሓቂ! ፍቓደኛ ኢኻ ምሳይ ክትነብር?" ክትብል ደምጻ ዓው ኣቢላ ሓተታትኒ፡፡

"እወ ፍቓደኛ"

"እሺ ምሓል"

"ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ!"

"ክኣምን እንተኾይነ እሺ ደገምካ ምሓለለይ" ኢላ ግናዕ ኢዳ ዊጥ ምስ ኣበሳትለይ'የ "ሰጋ ጉብኣ!" ኢለ ኢዳ ጠቒዐ፡፡

ሽዑ፡ ጥምጥም ኣቢላ ብምሕቋፍ ሰዓመትኒ፡፡ ኣነውን ከም ናታ ገርኩ፡፡ ኣብ ቱሹቱሻይ ተሸጕጣ ንገለ ደቓይቕ ኣሰቅጥ ኣበለት፡፡ ክልቴና ኣብ ሓሳብ ኣቲና፡፡ ኣነ እንሓጎሳብ ፍርሒ ዝመሰል ስምዒት ደጸዓዘ፡ ምስኡ ድማ ንልቢ ዝመልእ ሓጎስ፡፡ ኣበ ግን ኣመና ሕጉስቲ ነበረት፡፡ ሓጎሳ እናረአኹ እሕጎስ፡ ግናስ ዋላ ሓንቲ ዝጎደላ ዘይብላ ክሳ ብሕሉፍ ታሪኻ ክሳብ ክንደይ ከም ዝተጎድአት እናሓሰብኩ እድግዓዘላ ነበርኩ፡፡ ምስ ወዲ ዓዳ ሓዳር ምግባር ናይ ሕልና ዕረፍቲ ከም ዝህባ እውን ኣስተብሂልኩ፡፡

ንርእሳ ካብ ደረተይ ብምልዓል ቅንዕ በለት'ሞ "ዝበርሞኻ . . . እቲ ፈለማ ክንራኸብ ከለና ፍሉይ ነገር እዩ ዝስመዓኒ ነይሩ፡፡ እንታይ እዋኑ ከም ዝተፋተና ድማ ገሪሙኒ፡፡ ስለ ኣምላኽ ዝሓሰቦ ነይሩዎ. . ." ኢላ ብኣግራሞት ርእሳ ነቕነቐት፡፡

"ኣነውንኮ ክሳብ ሕጂ እዩ ዝገርመኒ ዘሎ፡፡ ቀልጢፈ ምስ ሰበት ናይ ምቕራብ ክእለት የብለይን፡፡ ኣባኺ ግን እንድዒ፡፡ ካብ መጀመርታ ፍሽኽ ምስ በልክለይ ከም'ዚ ካብ ቀደም ንፋለጥ ኩይኑ እዩ ተሰሚዑኒ . . ."

ሽዑ ምሸት ናብ ገዛይ ንኽምለስ ኣለ ኣይሓሰብኩን፡፡ ክልቴና ብዘይዛረብ ከም ዝተሰማማዕና ብዙሓ ምኽሪን ዘይምኽሪን ኣደልዓልና፡፡ ምንም ከም ዘይተፈጥረ ድማ ኣብ ዘዳለወትለይ መደቀሲ ደቀስ፡፡

ክሳብ ጸሓይ በጣዕሚ ትብል እያ ደቂሰ፡፡ ተንሲአ ናብ ስራሕ ክበጽሕ ከለኹ ኣቦ ደሮ ጋዘ ወለዓ ሻሂ ሰኺቲታ ጹቡሒ ተወዲ ነበረት፡፡ ዋላኳ "ዝጠምጠም ኣይትበሊ ስራሕ ስለ ዝኣኸለ ክኸይድ'የ" እንተ በልኩዋ ናይ ሰኹብሊ ህይወተይ እናዘከርኩ "ሓዳር ዝበሉምስ ጥዑምዩ" በልኩ ኹና ከይጀመርኩዎ፡፡ ኣብ ሓዳር እዋን ቀርሲ ኣዳልያ ኣብ ጣውላ ኣቐማጡቶ'ሞ "ለኺፍካ ከድ - ጥራይ ክበድካ ኣይወጻእን'የ" በለትኒ፡፡

ኣብ ናይ ስራሕ ዕድመይ ካብ ተመዝበ ዝወጻእኩሉ ጥራይ ክበደይ ዝወጻእኩሉ ግዜ ደጠበሉ፡፡ ነቲ ዝለመደኩዎ ኩይት ግን ጌጋ ምዃኑ ሓብሪታኒ ኣበ፡፡ "ደሓር ከኣ ካብ ገዛኡ ከይለኸፈ ዝወጽእ ሰብኣይ ገለ ብልሓት ኣለዎ'ዩ ዝበሃል" ኢላ ድማ ሰሓቐት፡፡ ሽዑ እንታይ ንምባል ከም ዘኸፋ ኣይተረደኣን፡፡ ስለ'ዚ ድማ ብዩወይ ዝኣኽለኒ ከሊሰ "ቻው" ኢለያ ክብገስ በልኩ፡፡

"ፍቱወይ ብሰላም ተመለስ" ምስ በለትኒ'ዩ ብዩረቕ ቃላት ከም ዘተፋኝኹዋ ተገንዘበ ኣነውን ዓጸፋ ዝመለስኩላ፡፡ ኣሰዪባ ድማ "ምስ ተፈደስካ ከይትደንጉ፡፡ ንሸኻ ከይመጸካ ኣይምሳሕን እየ" በለትኒ፡፡ ናብ ስራሕ ኢለ ክበጽሕ ከለኹ ከም'ቲ ዝለመድኩዎ ብኡ ኣቢለ ንገዛይ ክኸይድ እዩ ነይሩ ሓሳበይ፡፡ ግና ኣብ ምሳሕ ክትጸበየኒ ከም ዝኾነት ምስ ነገረትኒ "ኩይንኪ ደዩ ብዓል ሓዳር ኾይነ" ዝበል ሓሳብ መጺኡኒ ንበይነይ ሰሓቕኩ፡፡ ግናስ ነቲ ዝልመድኩዎ ናይ ብሕታውነት ህይወት ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ናፈቕኩዎ፡፡ 'መን ኢኻ?' ዝበልካ ዘይብለ፡ ክፉእኻ ዝርእየልካ ዘይብልካ፡ ኣብ ድላይካ እዋን ትወጽእን ትኣቱን ትምዝብን ትሰትይን እንተ ሰኣንካ ጥቕልል ኢልካ እተሕልፈሉ ናይ ናጽነት ህይወት ምሳይ ንዊሕ እዋን ስለ ዝተጓዕዘ ብቐሊሉ ክርሕቕ ከም ዘይክእል ይስመዓኒ ነይሩ፡፡

ንኣበ "ሕራይ" ኢልያ መንገደይ ቀጸልኩ፡፡

ኣእምሮይ ዝየዳ ዝቕሐ ኩይኑ ይስመዓኒ ነበረ፡፡ እንድዒ ኩለንትናይ ተበሪሁዎ እዩ፡፡ ደሓር ድማ ብሓቂ ኣብ ሓዳር እንተ ኣትዩ እቲ ክዳን ኣብ ምሕጻብ መግቢ ንኽሰርሕ ንልጠምጠም ዝበሎ፡ ብድኻም ደዩ ብትህኪት ሰኣን ምስራሕ ጾመይ ዝውዕሎን ዝሓድሮን ዝበርኩ'ኮታ ኩሉ'ቲ ናይ ሰኩብሊ ኣደራዕ ካብይ ክርሕቕ ምዃኑ ኣስተንተንኩ፡፡ ዘሐጉሰኒ ዘፍርሐኒ ውሳኔ እዩ ነይሩ፡፡ ግና ግዜ ዝምልሶ ደኣ'ምበር ከም ወዳእ ጊዮረ ክወስዶስ ትብዖት ኣይረኸብኩን ዝበርኩ፡፡

ብዙሓ ወላዲታ ጽቡቕ ኣፍልጦ ክህልወኒ ከም ዘለዎ ምስ ነብሰይ ተዘረብ፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣደኣ እንተ ዘይፈትዩኒ ወይ እውን ናግራም ዓይነት እንተ ኾይነ፡ ዘይሕጉስ ህይወት ከሕልፍ ኣይደልይን እየ፡፡

ካብ ስራሕ ምስ ተመለስኩ "ዝኸኩም ተኣሊኻዶ? ክትብል ሓተታትኒ፡፡ ናብ ወለደይ ማለታ እዩ፡፡

"ኖኖ - ኣይተኣለኹን" ኢሉ ሕቶ ብዘዕምፅ ኣጠማምታ ግልጽ በሉዋ፡፡

"ኣሰልኪየምዶ ትኸውን ኢለ'የ - ብናልእ ኣይኮንኩን"

"ደሓን ነርክበሉ ንሱ ደኣ"

"ሓቅኻ ንሱ ደኣ"

"ንእግሪ መንገደይ ዘይኮነት ብዩጀባ እያ ክምርጥም ዘለኒ" ምስ በልኩዋ ግዜ ከይወሰደት "እንታይ ደኣ ክብሉኻ እዮም" ብምባል ናይ ወሸጣ ሰኽፍታ ሓበረትኒ፡፡

"ስድራይ ድኣ ይሕገሱ እምበር እንታይ ክብሉ ትጸበዩ - ወሸለ ከምኡ ጊዮሩ፡፡ ብሕልፊ ኣደይ ጓሉሰብ ከምጽእ ወትሩ'ያ ትገትኣበሰንኒ ትሓብበለኒ" በልኩዋ፡፡ ቀጺለ ኸኣ "ክበርመኪ ኣቦ፡ ኣደይ ክሳብ ሕጂ ኢያ 'ወለድካ ኣምጽኣለይ፡ ባዕለይ ከዕብዮ' ትብለኒ፡፡ እዚ ምስ ሰምዓት ከኣሞ ከመይ ከም እትሕጎስ ባዕለይ እያ ዝፈልጣ" ክብል ብዙሓ ስድራይ ክትጠራጠር ከምዘይብላ ክረድኣ ፈቲ፡

"ከምኡ ይግበረልና ኢላ" ዝን በለት፡፡

"ስምዒታ ክጉዳእ ስለ ዘይደለኹ " ኣቦ ሰንበት ተተሓሒዝና ገዛ ክንኸይድ ኢና - ሕራይዶ ፍትውተይ" ኢለ ፍቓዳ ሓተትኩ፡፡

ዋላኳ ዘረባይ ባህ እንተ በሉ ብሸኽፍታ ደዩ ዋላስ ንቕልጻዕም "እንታይ እዋንና?" በለትኒ ንሓፋ ብኣጻብዕቲ የማይቲ ኢዳ እናኸደነት፡፡

"እንታይ ጸገም ኣለዎ - እዮም ቀንዲ ወሰንቲ ኣሽን ንሽኺን ኢና፡፡ ግዜ ከለና ድማ ግዜ ምጽባይ ዘድሊ ኣይመስለንን"

"ካብ በልካ ደኣ ሕራይ'ቐ፡፡ ኣነ ኸኣ ንደይ ከዋሩ ስለ ዝኸኹሙ ብድሕሪኡ ገዛ ንኸይድ" በለትኒ'ሞ "ዝሕጹብ ክዳውንቲ እንተ ሃልዩካ ድማ ተማልእዮ ምጽእ" ኣሰዓበትለይ፡፡ ክትኣምሚ እንተ ኾይና ዝኸኣ ምኽንያት ከቕርብ ከም ዘይብለይ ስለ ዝሓሰብኩ በቲ ዝበለትኒ ተሰማማዕኩ፡፡

ንጽባሒቱ ስራሕ ወዓለ ክምለስ ከለኹ ናብ ገዛ ተኣልዩ፡፡ ኣብ ዘረባይ እሙን ክኸውን ከም ዘለኒ እያ ዝሓስብ ነይረ፡፡ ንደይ ብዛዕባ'ቲ ዝፈጠርኩዎ ርክብ ኣዕሊለያ፡፡ ደላይቱ ስለ ዝበረት ኣመና ተሓጎሰት፡፡ እንተ ኾነ ንእንታይነት ኣበ ዝምልከት ሕቶታት ኣብዚሓትለይ፡፡ ኩሉ ነገር ብዩቂቕ ክትፈልጥ ብምድላያ፡ ብዙሕ ኣነ ክምልሶ ዘይክእል ወይ እውን ዘይተዳለኹሉ ሕቶታት ኣውሒዛትለይ፡፡ ንኹሉ ከም ሻሙ ጊዮረ ሓሊፈያ፡ ኣብ ገሊኡ እውን ምእንቲ ከሐጉሳ ኢለ ንሳ ከም እትደልዮ ብሓሶት ነገረያ ክኸውን እኽእል እዩ፡፡ ቀልጢፉ ናብ ገዛ ሓዚየ ክመጽእን ከሌልያን ከም ዘለኒ እውን ተማሕጺናትኒ፡፡

ካብ ኣደይ ምስ ተፈለኹ ግን ዝተሃወኽኩ ኩይኑ ተሰሚዑኒ፡፡ እዚ ዘበለ ድማ ምናልባት ኣደይ ኩሉ ኩነታት መርሚራ እንተ ዘይተሓጉሳ እንታይ ክፍጠር ከም ዝኽእል ተራእዩኒ፡፡ ነገራት ቀልጢፉ ይኸውን ስለ ዝበረ፡ ኣጠ ሓሳብ ከይትቕይሮውን ጥርጣሪ ነይሩኒ፡፡

ናብ ኣጠ ክኸይድ ከለኹ ብሓሳብ ተዋሒጠ ዳርጋ ንበይነይ ክዘረብ ቀኒረብ ተረፉኒ፡፡ ሓዳር ማለት ቀሊል ከም ዘይኮነ ካብ ኣደይ ተዓዚበ እዩ፡፡ እታ ንኽምርያ ንኽወልደን ትህውኽኒ ዝበረት ወላዲተይ ኣብኡ ምስ ብጽሐ ግን ክሳብ ክንደይ ንኽሉ ነገር ከተጸሪ ከም እትደሊ ጽቡቕ ጊዮረ እያ ኣንበበያ፡፡ ምናልባት ከም ሓሳብና ክሰልጥ እንተ ዘይክኣሉ ንኣጠ ከየጉህያን ልባ ከይሰብራን ኣመና ፈራሕኩ፡፡

ይቕጽል

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ሳህራ |
| 15:20 | ያታዊ መሳርሒታት ሕርሻ |
| 15:45 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:20 | ሃለው ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ሽምዓ ለዩቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባረንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ኢዳኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኢብራሂም ዲ. እስማዒል ኣደም ምባል ተሪፉ፡ ኢብራሂም እስማዒል ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ፈሽን በርህ ጉብረድንግል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሓደሽ ጥዑምዝጊ በራኺ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዝለካ ናይ ሓዳር ክሲ መልሲ ንምሃብ ብኣካል ወይ ብወኪል ን 20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ፍለጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ፍሩተና ከሮስ ኣባይ ምባል ተሪፉ፡ ሚካል ከሮስ ኣባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/9/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ስ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ትሕቲ ዕድመ ራድያ ኣሕመድ ሸዒድ ምባል ተሪፉ፡ ራድያ መሓመድ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ግላስ

ኣቶ ዘርኡጋብር ገ/ማርያምን ወ/ሮ ለተማርያም ኣስፍሃ፡ ወደና ብድሆ ዘርኡጋብር ጉብረማርያም ስለዝተሰወአ፡ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣንቶረ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣልማዝ ንቅዱሞስ ቀሺ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ሞንስ ኣፈወርቅ፡ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ዓሰብ

ማሕሙድ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ኣሚን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቂሌፋይ ን/ዞባ ጸሮና

ወ/ሮ ደሃብ ሓድሽ፡ በዓልቤተይ ባህር መሓሪ ስለዝዓረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ምስ 1ጓለይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ብልቢ ዘፍቅራ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ደሃብ ዓንደብርሃን ጉብረስላሴ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚማ ዝበጽሕኩማ ከምኡ’ውን ክሳብ ዓራቶ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብተሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውቲ፣ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

በዓልቤታ ኣቶ ክፍሉ ኪዳነ ጆርጆ

ተጋ/07 ነበር

ምስ ደቃና ምሉኣት ስድራ-ቤትን



## ምስጋና

ብሞት ኣዚና እተፍቅራ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ንግስቲ ተስፋስላሴ ጉብረ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ዘቃበርኩምናንን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

ጓለን ወ/ሮ ዑቕባ እስቲፋኖስ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣነ ኣስቴር ኣለም ወልደስላሴ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ስምበቱ ባይሩ ተስፋስላሴ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞ/ ኣኽርያ (ዞባ 8ምም.01 ነበር) ፓርሰል B ሎታ 46 ጎደና ራስ በራኺ በኺት ቁ/ገዛ 10 ዝርከብ፡ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 108962 መወከሲ ቑጽሪ 116602 ብስማ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣመልኪታ፡ ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብዕለት 03/06/2021 ብቑ//መዝ/09/21 በዘፈጸመትለይ ውዕል ውህብቶ መተኣማመኒ ሰነድ መሰረት፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝኾንኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተጎይሩ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተራልን ዞባ ማእከል ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ሒዘ ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ኣስቴር ኣለም

ቤ/ት ኣሊያንስ ፍራንሰዝ ስሩዕ ናይ ሓጋይ ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ንንኣሽቱን ንዓበይትን ካብ ጀመርቲ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዕለት 18 መስከረም ክጅምር ምዃኑ ከበስር ይፈቱ። ምቅርራብ ንዓለምለኻዊ ዲፕሎማ (DELF) ተዳሊልኩም ኣሎ። ምዝገባ ተጀሚሩ እዩ።

ብደሓን ምጹ    ንዝያዳ ሓበሬታ ቁ.ስ 122605 / 115270

ኣድራሻና፣ ጎድኒ ቤ/ት ማይ ተስፋ ጥቓ ዓሮባና ሬስቶራንት እዩ።

AllianceFrançaise
Asmara - Eritrea



## ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፣

ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቑ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ።

ኣነ ወ/ሮ ሓረገወይኒ ዑቕባዝጊ ዓንደሚካኤል ዝተባህልኩ፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ከባቢ “ኩትምያ ዞባ “2” ንኡስ ዞባ 04 ቁጽሪ ህንጻ 117 ቁጽሪ ገዛ 203 ካብ ጥክ ኣባይትን ንግድን ኤርትራ ብዕለት 05 መስከረም 2001 ዝተዓደጉ ብስም ሓረገወይኒ ዑቕባዝጊን ኣልጋሽ ሃብተማርያምን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ወ/ሮ ኣልጋሽ ሃብተማርያም ጉብረማርያም ንበጽሒታ ዝምልከት ብዕለት 23/08/2016 ብቑጽሪ መዝገብ 250/2016 ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ቀሪባ ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ’ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተዘይኮይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓረገወይኒ ዑቕባዝጊ ዓንደሚካኤል

## Third INVITATION FOR BID

The Body Corporate of the Green Building in the Dembe Sembel Housing Complex is responsible for the management of the lift service that serves the two blocks of the building – Block ‘A’ and ‘B’. There are, in total two lifts in the two blocks which will be serviced under a single contract. These are LG type lifts. The Corporate is now looking for qualified and authorized representatives of the LG products with whom it can enter an annual maintenance agreement. The services required from the companies include the following;-

General inspection of the mobile and stationary components of the life system and asses its status and present a report to the body corporate;

Regular Cleaning and Lubrications of the mechanical and electrical parts;

Periodic inspection (every two weeks) of the shafts, machine room and pit, landing doors, car and door operators;

Train staff on emergency operation of the lift;

Send a technician upon request of the client whenever the lift tails to function property;

Keep logbook where any maintenance and repair actions taken on the lift will be recorded and which shall be signed by the client and the company’s technician;

Notify the client of the parts which need immediate replacement.

Profile of their technicians.

Profile of their company.

All bidders should deposit bid security bond (refundable) C.P.O. 10,000.00

Renewed license of the year 2019, and renewed clearance for year 2021/2022 from Inland Revenue with their bids.

The Body Corporate wants to enter into a one year contract renewable every year upon the consent of the contracting parties.

Interested bidders must submit their bids within ten working days of this announcement to the Ministry of Tourism,DembeSembel, Block ‘B’ Seventh floor in person. Tenders will be opened on the successive day of closing at 09:00 AM. Bidders shall submit.

Ministry of Tourism

# ዜና ወጻኢ


ሸዊት ተኽለ

## ሰሜን ኮርያ፡ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ወንጪፋ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ዮንግ ኡን ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ንምዝርራብ ኣብ ሩሲያ ምብጻሕ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ሰሜን ኮርያ ክልተ ናይ ሓጺር ርሕቀት ባለስቲካዊ ሚሳይላት ናብ ገማግም ባሕሪ ጃፓን ከምዝወንጨፈት ደቡብ ኮርያ ሓቢራ።

ኪም ዮንግ ኡን ኣብ ሰሜን ኮርያ ኣብ ዘይነበረሉ እዋን፡ ሚሳይል ክውንጨፍ እዚ ናይ ፈለማ ምዃኑ እዮም ጸብጻባት ዝገልጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ሓያሎ ፈተነታት ሚሳይል ከምዘካየደት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ'ውን ንሓንቲ ናይ ስለያ ሳተላይት



ንምውንጫፍ ዘካየደቶ ፈተነ ንኻልኣይ ግዜኣ ከምዝፈሸለ ኣይርሳዕን።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ምትፍናን ክልቲአን ኮርያታት እናኸረረ ከምዝመጸ ዘመልክቱ ጸብጻባት፡ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ክልቲአን ሃገራት ድማ ድሕሪ'ቲ ብዘዕባ ምውጋድ ኑክለሳዊ መደባት ሰሜን ኮርያ ንምዝታይ ዝተገበረ ፍሹል ፈተነታት ደው ኢሉ ከምዘሎ ኣረዲኦም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኪም ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ተራኺቦም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት ከምእተዘራረቡ ይፋላሕ ኣሎ።

ኣብ'ቲ ርክቦም፡ ምሕያል ቀጠባዊ፡ ወተሃደራውን ጆኦፖለቲካውን ዝምድናታት፡ ከምኡ'ውን ቅልውላው ሓውሲ ደሴት ኮርያ ዝለዓለ ኣተኩሮ ካብ ዝተዋህቦም ዛዕባታት ምንባሮም ተሓቢሩ።

ሩሲያ፡ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ንዘሎ ግዳማዊ ምትእትታው ብምቅዋም፡ እቲ ጉዳይ ብዘተ ክፍታሕ ክትጽውዕ ምጽንናሓ ይፍለጥ።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ኣብ 2019 ኣብ ከተማ ቭላዲቮስቶክ ሩሲያ ተራኺቦም ከምእተዘራረቡ ዝዝከር እዩ።

## "ሃገራት ምዕራብ ንስርዓት ቁጠባ ዓለም የዕንዋኦ ኣለዋ" ቭላድሚር ፑቲን

ሃገራት ምዕራብ፡ ንስርዓት ቊጠባ ዓለም የዕንዋኦ ምህላወን፡ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዝተኻየደ "ቁጠባዊ ዋዕላ ምብራቕ" ወቒሱ።

እተን ሃገራት፡ ረብሓታተን ብምቕዳም፡ ንኻልኦት ወገናት ኣብ ግምት ዘየእተወ ቊጠባውን ንግዳውን ስርዓት ይኽተላ ምህላወን፡ እዚ ድማ ጠንቂ ዓለማዊ ቊጠባዊ ምንቊልቛል ይኸውን ከምዘሎ፡ ፕረዚደንት ፑቲን ኣገንዚቡ።




ሃገራት ምዕራብ፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ዝወሰዳኦ ዘለዋ በይናዊ ውሳነ እገዳታት፡ ሓደ ካብ'ቲ ቊጠባውን ፖለቲካውን ረብሓታተን ንምውሓስ ዝጥቀማሉ ሜላ ምዃኑ ድማ ኣነጺሩ።

እቲ ኣካይዳ ሳዕቤናቱ ቀሊል ከምዘይኮነ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ ሓባራዊ መኸተን ተቓውሞን ከምዝድልዩ ኣተሓሳሰበ።

እገዳታት፡ ወተሃደራዊ መናውራታትን ምትእትታዋትን፣ ሜላታት ጸቕጢ ዲፕሎማሲ ሃገራት ምዕራብ፡ ብቐንዱ ድማ ናይ ኣመሪካ ኲይኖም ከምዝስራሓሎም ተንተንቲ ይገልጹ።

## 'ጉግል'፡ ብቤት-ፍርዲ ኣመሪካ ተኸሲሱ

ቤት-ፍርዲ ኣመሪካ፡ ንመርበብ ሓበሬታ 'ጉግል' ብጥሕሰት ንግዳዊ ሕግታትን ምጕዳል እምነትን ክሲ ከምዝቐረበሉ ተፈሊጡ።

እቲ ክሲ፡ ኣቓዲሙ ኣብ ልዕሊኡ ካብ ዝቐረበ ተመሳሳሊ ክሲታት ዝኸበደ ምዃኑ ዝጠቐሰ እቲ ቤት-ፍርዲ፡ መጻኢ ዕድል ናይቲ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ከምዝኽእል ኣሚቱ።

'ጉግል'፡ ዕዳጋታት ንምዕብላልን ኣታዊታቱ ንምዕባይን፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዓመታዊ ልዕሊ 10 ቢልዮን ዶላር የንቀሳቕስ ምንባሩ'ዩ በቲ ቤት ፍርዲ ተኸሲሱ ዘሎ።

እቲ መርበብ ነቲ ክሲ ከምዘወዓሎ ምስ ዘረጋገጸ፡ ክሳብ ናይ ምዕጻው ስጉምቲ ክውሰደሉ ከምዝኽእል ድማ'ዩ ዝሕበር።

ኣመሪካዊ መርበብ ሓበሬታ 'ጉግል'፡ ብምጥሓስ ንግዳዊ ሕግታትን ምጕዳል እምነትን ክኽሰስ ናይ ፈለማ ከምዘይኮነ እዮም ጸብጻባት ዘረድኡ።




## ኣመሪካ ጽልዋኣ ኣብ ኢንዶ-ፓሲፊክ ንምስፋሕ ትሰርሕ

ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ፡ ሓደሽቲ መደበራት ሓይሊ ኣየር ንምህናጽ ኣብ ማይክሮኒዥያ ዝርከብ ጫካታት የብርስ ከምዘሎ ሓደ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ኣዛዚ ገሊጹ።

እቲ በዓል-ስልጣን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ስጉምቲ ኣካል ናይቲ ኣብ ኢንዶ-ፓሲፊክ ንዝርከባ ሓይልታት ኣመሪካ ንምድልዳል ዝገበር መደባት ምዃኑ ኣነጺሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ ካልኦት ከባቢታት እቲ ዞባ ሓያሎ ተመሳሰልቲ ፕሮጀክትታት ተታሒዞም ከምዘለዉ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ከም መደበር ኣጽዋር ኣመሪካ ኮይና እተገልግል ዝነበረት ደሴት ቲኒያን ኣድላዪ ጽገና ተገይሩላ ዳግማይ ናብ ስራሕ ክትምለስ ምዃና ሓቢሩ።

ነቲ ፕሮጀክት ንምዕዋት ድማ ሓይሊ ኣየር እታ ሃገር፡ ኣብ ናይ 2024 ባጀት ንኣባላት ባይቶ ተወሳኺ ምወላ ሓቲቱ ከምዘሎ እቲ በዓል-ስልጣን ኣረዲኡ።

እቶም ሓደስቲ መደበራት ኣካል ናይቲ ጽልዋ ቻይና ኣብ ኤሲያ ንምግታእ ዝዓለመ "ሃብ-ኤንድ-ስፖክ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ መርበብ ከምዝኾኑ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን፡ ኣብ 2021 ስልጣን ካብ ዝሕዝ ንደሓር፡ ወተሃደራዊ ቤት-ጽሕፈት ፔንታጎን ኣብ ኤሲያ-ፓሲፊክ ህላወኡ ንምስፍሕፋሕ ይሰርሕ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ካብታ ኣብ ምዕራባዊ ፓስፊክ እትርከብ ስትራተጂያዊት ደሴት ጓም ንሰሜን ኣስታት 180 ኪሎሜትር ርሒቓ ኣብ እትርከብ ደሴት ቲኒያን ዝርከብ ወተሃደራዊ ትካል፡ ቀድሚ ሕጂ ኣብ እዋን ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝዓበየ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣመሪካ ዝነበረ እዩ።



## ሊብያ - ቁጽሪ ግዳያት ዕልቕልቕ ልዕሊ 5 ሽሕ በጺሑ

ኣብ ሰፊሕ ምብራቓዊ ገማግም ሊብያ ተኸሲቱ ብዘሎ ዕልቕልቕ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቊጽሪ ልዕሊ 5 ሽሕ ከምዝበጽሐ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት 10 ሽሕ ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ፡ ቊጽሪ ምዉታት ክይውስኽ ተሰጊኡ ምህላዉ ተሓቢሩ።

ብውሕዱ 5,300 ሰባት ከምዝሞቱ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ምብራቓዊ መንግስቲ ሊብያ፡ ካብቶም ግዳያት ብውሕዱ 145 ግብጻውያን ምዃኖም ገሊጹ።

ኣብታ ዝኸፍአ ዕንወት ዝተራኣየላ ከተማ ደርና ጥራይ ክሳብ 6 ሽሕ ዝኣኽሉ ሰባት ዛጊት ደሃዮም ጠፊኡ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

በቲ ዕልቕልቕ፡ ኣብታ ከተማ ዝርከባ ሆስፒታላት ካብ ስራሕ ወጻኢ ኮይነን ከምዘለዋ ዝሓበሩ ጸብጻባት፡ ክፍሊታት መዕቀቢ ሬሳታት መሊኡ ከምዘሎ ኣረዲኦም።

ዛጊት ካብ ግብጺ ገለ ሰብኣዊ ሓገዛት ናብ ሊብያ ክኣቱ ጀሚሩ ከምዘሎ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ምብጻሕ እቲ ሰብኣዊ ሓገዛትን ጻዕርታት ምድሓን ህይወትን ግን ብሰንኪ ፖለቲካዊ ኩነታት እታ ሃገር ተዓናቒፉ ከምዘሎ ገሊጾም።

ኣብ ደርና ብሰንኪ እቲ ሓያል ህቦብላዊ ዝናብ ክልተ ዲጋታትን ኣርባዕተ ድልድላትን ድሕሪ ምፍራሱ መብዛሕትኡ ክፋል እታ ከተማ ከምዝጠሓለ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

በቲ ዘጋጠመ ባህርያዊ ሓደጋ መንግስታት ዝተፈላለያ ሃገራት ናይ ሓዘን መልእኽቲታት ይልእኩ ከምዘለዉ ተገሊጹ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 14/09/2023 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services